ትሕዝቶ ናይ ዕለት 18. መጋቢት 2020

# ኮሮና - ንዛክሰን ዝምልከት ሓበሬታ

**መንግስታዊ ትካላት ከመይ ኢዮም ዝሰርሑ?**

እቶም መንግስታዊ ትካላት ኣብ ብዝኡሓት ከተማታት፣ ማሕበራትን ክልላትን ንህዝቢ ኣይከፍቱን ወይ ብከፊል ጥራሕ ኢዮም ዝኸፍቱ ዘለው። ቆጸራ ወይ ህጹጽ ጉዳይ እንተለኩም ኣቐዲምኩም ብቴልፎን ሕተቱ ወይ ኣብ ኢንተርነት ናይቶም ትደልይዎም መንግስታዊ ትካል ሓበሬታ ርኣዩ።

**ኩነታት ትምርቲ?**

ኣብ ዛክሰን ዘልዉ ትምርትን መዋእለህጻናትን ኣብዚ እዋን ተዕጽዮም ኢዮም። እቶም ዝምልከቶም ምኒስትሪ መዓስ ከምዝኽፈት ሕበሬታ ኣይሃቡን።

እቶም ስድራ ኣብ ንህዝቢ ኣግዳሲ ዝኾነ ስራሕ ከም ሕክምና፣ ፖሊስን ናይ ከተማ ጽሬትን ዝሰርሑ እንተኾይኖም ንዝተሸገሩ ዝኸውን ናይ ቀልዑት ኣለይቲ ኣሎ። እቶም ቀልዑት ድማ ናብኡ ክኸዱ ይኽእሉ።

**ናይቲ ሕማም ምልክት እንተለኒ ንመን ኢየ ዝሓትት?**

ኣገዳሲ፥ ናይ ኮሮና ምልክታት እንተለኩም ናብቶም ዝምልከቶም ናይ ጥዕና ምኒስትሪ ደውሉ እምበር ናብ ሓኪም ከይትኸዱ። ነዚ ዝምልከቶም ናይ ጥዕና ምኒስትሪ፥ ኣብ እቲ ትነብሩሉ ከተማ ወይ ክልል ዝርከቡ ኢዮም።

ናብ ሓኪምኩም ደዊልኩም ውን ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽሉ ኢኹም።

ህጹጽ ናይ ቴለፎን ሓበሬታ ኣብ Chemnitz/ ኬምኒትስ: 0371 488 53 21

ህጹጽ ናይ ቴለፎን ሓበሬታ ኣብ Dresden/ ድረስደን: 0351 488 53 22

ህጹጽ ናይ ቴለፎን ሓበሬታ ኣብ Leipzig/ ላይፐሲግ/ሽ: 0341 123 68 52, ካብ ሶኒ ክሳብ ሰንበት 8 – 18 Uhr

ህጹጽ ናይ ቴለፎን ሓበሬታ ኣብ Landkreis Zwickau/ ክልል ናይ ስቪካው: 0375 44 02 21 111

ህጹጽ ናይ ቴለፎን ሓበሬታ ኣብ Erzgebirgskreis/ ኤርትስገቢርግስክራይስ: 03733 83 13 008

ህጹጽ ናይ ቴለፎን ሓበሬታ ኣብ Landkreis Bautzen/ ባውትሰን: 03591 52 52 12 12 1

ህጹጽ ናይ ቴለፎን ሓበሬታ ኣብ Landkreis Görlitz/ ጎርሊትስ: 03581 66 35 65 6

ህጹጽ ናይ ቴለፎን ሓበሬታ ኣብ Landkreis Meißen/ ማይሰን 03521 72 53 435
ኢመይል: corona@kreis-meissen.de